# ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት።

**(ካልኣይ ክፋል)**

ኣብታ ቀዳመይቲ ዘመሓላለፍክዋ ጽሕፍተይ ገለ ናይ ፌድላት ጌጋታት ምንባሮም ደጊመ ኣብ ዘንበብኩሉ ግዜ ረኺበ። እቲ ዘገርም ድማ ኣብ ኩሉ ዝሰዶ ጽሑፋተይ'ውን ከምኡ ምንባሩ በሪሁለይ። እዚ ጉድለታት'ዚ ንብዙሓት ዘጋጥም ዘሎ ኢዩ። እቲ ናይ ግእዝ ፊደላት፣ ንሓንቲ ፊድል ምስ ኣድመጽታ ተወቂጣ ድምጺ ክትህብ ዘጋጥም ተደጋጋሚ ምውቃጣ ዘምጽኦ ተክኒካዊ ሽግር ከም ዝኾነ ርዱእ ኢዩ። ኮይኑ ግን ግዜ ወዲድካን ሃሰስ ኢልካን ክዕረ ይከኣል። ንጽፈት ዘለዎን ኣጸሓሕፋን ካብ ጌጋ ንምድሓንን ግዜ ወሳኒ ተራ ይጻወት። ደጊምካ ምንባቡ ነቲ ጉድለታት ናይ ምእራሚ ዕድል ስለ ዝህብ፣ ብዝከኣል ንኣንበብቲ ካብ ግምታዊ መላግቦ ሃሰስ ስለ ዝብሉን ኣብቲ ዝመሓላአፍ መልእኽቲ መታን ብንጹር ክቕበልዎ ኣድላይ ስለ ዝኾነ ደጊመን ደጋጊመን ጌጋታተይ ሃስስ ክብል ወሲነ ኣለኹ። ኮይኑ ግን ዝሰርሕ ስለ ዝጋገ፣ ኣብ እጠቓቕማ ናጻ ካብ ጌጋ ፈጺምካ ሓራ ክትከውን ወይ ድማ ፈጺመ ኣይክጋገን ኢየ ምባል ንርእሳ ድርቕና ኢዩ። ንምእራሙን፣ ብዝከኣል ድማ ለቒመን ቆሚለን ክንኪ ግን ክፍትን ኢየ። ናይ ምሉእ ሓሳባት (sentence) ግን ነፍስ-ወከፍ ጸሓፊ ናቱ ኣቀራርጻ ስለ ዘለዎ፣ ኣብ ዝጽሕፈሉ እዋን ካብቲ ረቒቕ ተዘክሮታት ስለ ዝቐድሕ ከምቲ ዝስጠካ ገርካ ኢኻ ተቐምጦ። ንኹሎም ዘንብብዎ ክዓግቡ ኣለዎም ዝብል ድልይትን፣ ይዓግቡ ዲዮምን ዝብል ሕቶ ዝተፈላለየ መለክዒን ሚዛንን ኣብ ግምት ኣእትየ፣ መታን ናይ ኣጸሓሕፋ ቅዲ ክቕይር፣ እቶም ብኣካል ትረኽቡኒ እሓትን ኣሓትን ምኽርኹም ክትልግሱኒ እላቦ። ናይ ለበዋ ድልየተይ ኣሚተ ዛጊድ ናብ ትሕዝቶ ካልኣይ ክፋል ከድህብ እመርጽ።

ኢሰያስ 20 ደማሙ ኣብ ኣዳራሹ ይውንን፣ ዝብል ጽሑፍ ካብ ሓደ ከም ዓኟቢ ዝተዋፈረ ዝሃቦ መግለጺ ኣንቢበ ነይረ። ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግሪኡ ኡሙ ትብል ምስላ ጠበሽ በለትኒ። ከም ሰብ ተጻናጻናይ ባህሪ ኣለዎ። ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ዘገድሶ ቦታ ኮይኑ ዕለታዊ ጸብጻብ ዝቕርብሉ ኣዋፊሩ ንሰብ ብከመይ ኣብ ልዕሊኡ ብስዉር ፍሕሶታት ዘርጊሑ። ብልጫታቱ ድማ ናይ ብሓቂ ዘይደክም ናይ ስራሕ ሰብ ኢዩ። ንሰብ ናቱ ኣይተጥፈኣሉ ትብል ሓቀኛ መግለጺት ክትከሓድ የብላን። ኣድብዩ ምስ ኩሉ ኣብ ኩናት ከም ዘሎ ገይሩ ይወስድ፣ ናይ ጽላሎት ውግእን ህውከትን ዝንስንስ ተወሳኺ ዕቡድ ወፍርን ዝመስል ህይወትን ዘሕልፍ ባዕላዊ ህሞትን ጥፍኣትን ፈጢሩ ይነብር። ንነብሱ ባዕሉ ዝኣሰራን ከም ዘይትዓግብ ጥራይ ዘይኮነስ ድቃስ ዝኸልኣን እንስሳ ኢዩ። ብሓጺሩ ኣይድቅስ ንካልእ እውን ኣየደቅስ። ጸለውቲ ነገራት ከም ብብዝሒ ቡን ምስታይ፣ ሽጋራ ምትካኽ፣ ኣልኮል ምጩንጋዕ የዘውትር። ኣብ ኣንስታይ ጾታዊ ዘለዎ ኣረጋእያ ድማ ወሲባዊ ተወልፈ ግን ንቅንዝርነቱ ዝተሓንገሮን ደረትን ዐብን ዘይፈልጥ ዝንባሌኡ ኢዩ። ሃገር ኣብ ጸበባ ኣእትዩ ከብቅዕ፣ ኣብቲ ናይ ዶብ ኩናት ዝተወላዓሉ እዋን ክስዕስዕን ክጭንጉዕን ይርአ ነይሩ። መንእሰያት ኣብ ጎዳጉድን ስንጭሮታትን ጎቦታትን ቆጥቃጥን ይምክቱ፣ ጎይታና ድማ ኣብ ፍራሽ ምስ ቆናጁ ይገላበጥ። እዚ ሓላይ ሃገር መሲሉ ዝርኤ ጻጻስ ዝርጋንን ዕብዳን ግን በቶም ዕሉላት ሰዓብቱ፣ ክሳብ ሓደ መልኣኽ ዘኽብርዎን ዝሰግድሉን ኮይኑ። ሃገር ከም ኣፍ ዑንቂ ጸቢባ ከላ ንዕኡ ናይ ኣስመራን ባጽዕን ብመብራህትን ሕብርታትን ዝተወለዓ መአንገዲ ሕማም ነይረን። ከምስል ግን ንድልየትን ምግታእ ዓቕሚ ከም ዘለዎ እንዳ ተረበጸ ከሎ ንግዳማዊ ጠመተ ይከላኸል።

ሎሚ ግን ዳርጋ ኩሎም ኣብ ዙርይኡ ዝርከቡ ዝምስክርዎ ናብ ደረት-ኣልቦ ቀብዘርዘር ተሳጢሑ ኣሎ። መታን ዘድልዮ ክፍጽም፣ ንዝኾነ ተጋዳላይ ብደርባዊ ክልሰ-ሓሳብ ኣገላልጻ ኣነነት ከጥፍእ ኣለዎ ዝብል መስመር ኢዩ ኣኣቲዩ። እዚ ማለት ድማ ንዝንባሌኻ ገዲፍካ ኣብ ጭቡጥን ወድዓዊ ሓቅታት ርገጽ ይብል። እቲ ዘገርም ናይ ኩሉ ኣነ ትብል መግለጺት ንበይኑ ሃጊርዋ ወኒንዋን። ኣብ ትሕቲ ናቱ ዳህሰሳ ትርከብ ንኻልእ መርፍእ እኳ ክውንን ኣየፍቅድን። ኩሉ ሃገራዊ/ት ብኡኡ ዝተሃገረ ኢዩ። ደርቢ ምኽሓድ ትብል ንኻልኦት ከተግብርዋን፣ ኣብ ትሕቲ ባይታ ዘላ መዓሙቕ ክነብሩን፣ እታ ቀዳመይቲ ደርቢ ድማ ናይ ዶብ መፈላለይት ኮይና ዝተጠረተት ኢያ። ነታ ካልእይቲ ደርብን ልዕሊኣ ዘለዋ ልዑላት ደርብታት በይኑ ክውንን መዲቡን ኣተግቢሩን። ሓንሳብ ምስ ደየባ ድማ ንዘላኣለም ክሳብ ዘሎ ሸጊጡዋን ሸጉርዋን። ኣብታ ላዕለይቲ ደርቢ በይኑ ስለ ዝደየበ ሓንሳብ ብጽሞና ይጽፋዕ፣ ተነጺሉ ከም ዘሎ ይበርሃሉ እሞ ክሕወስ ንታሕቲ ይወርድ። ነታ ታሕተወይቲ ደርቢ ክምለሳ ከሎ ድማ ካብታ ላዕለወይቲ ንዕቀትን ትመክሕትን ሒዙ ኢዩ ዝወርድ። ኣብኣ ናይ ዕብዳን ኮነ ናይ ብድዐን ባህሩ ትውላዕ። ሓንቲ ካብተን ዝኸፍኣ ጠባይ ከም ሰብ ምቕሉል መሲሉ ከዕልልን ክድእልን ይጅምር። ንብጾቱ ኣነኣኢሱ ይቕይዕን ከካሻምስን ይጅምር፣ ናታቶም ግብረ መልሲ ምስ ትስዕቦ መኸተ ምጻራ ይስእን። ባዕሉ ዘለዓዓሎ ዛሩ ሕነ ፍደ ይብሎ። ከምቲ ናቱ ባህሪ ዘለዎ ብተርባጽ እተቐማጠዐ ሰብ

*መራሒ ክኸውን የብሉን። ደገፍቱ ጸገም ኣለዎም። ነብሱ ሕቢኡን ካልእ ዘይንሱ ኮይኑ ዝኸደሉ ሓቀኛ መርገጺቱ መሲልዎም፣ ርጋጹ ተኸቲሎምን ነታ ቀጣን መንግዲ ሒዞም ስለ ዝኸዱ ንሳ እታ ቀንዲ ጋህሶም ኢያ። ከምቲ ዝመሰሎም ዘይኮነስ ኣብ ናይ ፖለቲካ ምድረ-በዳ ይህውቱቱ። ኮነ ኢሉ መፈተንታ ይበሮም። ንኻልኦት መርዓድን መኣዝን ዘስሕት ጭፍጭፉ የስዕብ። ሕማም ሕርሲ ተርሳዕ ከም ዝበሃል፣ ኣረሳሲዑ ንገለ ካብኣቶም ናይ መዓርግ ምጠዋ የካይድ። ነቲ ዝተዓዘብዎን ዝረእይዎ ጭብጥታት ረሲዖም ኣብ ቅርምድ ምምንጣል የድህቡ። ብሓጺሩ እቲ ኣባል ሓለዋ 20 ደማሙ ኢሉ ዝገለጸን ገለ ደኾን ለባም ኮይኑ ነቶም ዕዋል ዝሰሞም መሻርኽቱ ይኸውን? ብመናድቕ ተኸዊሉ ዝሸፈተ ዕሉል ወሪሩ ዝበልዕ ዝሓበሳ ሽሓኒ ከልምጹ ይገድፈሎም። መቸም ከምኡ መን ሓሊሙ ክበሃል። ኣብ ሲንጋፖር ንሓንቲ ለይቲ ምስ ደቂ ኤስያ ዘሕለፎ ናይ ቅንዝርነት ሕማሙ ዘኪሩ ብሓጺር እዋን ሲንጋፖር ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንከውን ኢና ክብል ዳንከራ ወቒዑ። መደብ ክበሃል ከሎ ጮማ ዝተሓንገርካሉ ፋብሪካ ማለት ኣይኮነን ዝብሎ ስኢኑ።*

*ቀባሕ ባሕ በሃላይን ናብ ኩሉ ኩርናዓትን ዘቋምት ኢዩ። ኣሚኑን ዓጊቡን ዝኸይድ ፍጡር ኣይኮነን። ንዝረኸቦ ሓበሬታት ከም መግለጺ ክኣምኖ ኣይክእልን። ከም መግለጺ ተቐቢሉ ናቱ ትርጉም ክህቦ ይመርጽ። ኣብ ትርጉም ድማ ባዕላዊ ስጉምትታት ስለ ዘምርሕ ዘየድሊ ክሳራታት የስዕብ። ድሕሪኡ ዝኸተል ድማ ንጉድለት ምሕባእ ኣብ ዝብል ሜላ የምርሕ። እቲ ክሳራታትን ጉድለታትን ክድምስስ ኢሉ ዝወስዶ ስጉምትታት ዘየደሊ መምርሕታት ይስዕብን ናብ ቀልቡ ምስሓትን ተርባጽን ይእቱ። መኣዝኑ እውን ይስሕት። ባህራርን ብፍርሒ ዝተወረን ስጉምታቱ ይብርክት። ኣብቲ ናቱ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ድማ ብናቱ ግፍዕታት ስለ ዝርዕዱ ሕልንኦም ተጸንቂቑ ነቲ ጌጋታት ካልኦት ከም ዝፈጠርዎ ግዳያ ኣናድዮም ንዕኡ ካብቲ ዝተፈጸመ ኢድ ከም ዘይብሉ ተዋስኦን ድራማ ዝጻውቱ ተሓባባርቲ ገበኑን ደቀ-መዛምርቱ ይኾኑ። በእዳዎም ብደም ስለ ዝጨቀዋ ናይ ጭካነ ወልፊ ስለ ዘለዎም ንጹህ ሰብ ብኸንቱ ይጠፍእ። ካብቲ ዘለውዎ ሽግር ንምምላጥ ከም ሰብ ንሓደ ብጻዮም ብተዘዋዋሪ ምኽሪ ይሓትዎ፣ ካብ ቃላቶም ዝወጹ ንግብሮም ዘቃልዑ ቃላት ናይቲ ዝነብሩ ቅዲ ስለ ዝኾነ ከይተረድኦም ምስጢር ይሶልኮም። መኻሪ ከይተጠንቀቐን ከይተረድኦን ቁስሎም ስለ ዝትንክፎም ባዕሉ ግዳይ ይኸውን። ኩሉ ስጉምቲ ናይቲ መራሒ ዝኸደሉ ቅዲ ስለ ዝኸተል ካብ ንቡር ዝወጸ ናይ ዓመጽ ስጉምትታት ይብርክት። ምዕላቕን ምትላልን ዝሰፈኖ ብኩል ኣየር ኣብቲ ከባቢ ስለ ዝዝንቢ መቕዘፍቲ የኸትል።*

*ዳርጋ ከም ተጋዳላይ ክኸውን ኣብ ዝተሰለፈሉ ተራ ኮይኑ ዘገልገለሉ ሓጺር እዋን ኢዩ። ቅድሚ ምግዳሉ ድማ ሰሪሑን ኣፍሪዩን ስለ ዘይፈልጥ፣ ስድራ-ቤት ሓዳር ኣይነበሮን። ዘመሓደራ ስድራ ካብ ዘይትህልዎ ተመክሩኡ ኩሉ ግዳማዊ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ስራሕ እውን ጀሚሩ ናይ ሞያ ደሞዝ ወይ ውዕለት እቶት ኣይነበሮን። ማሕበራዊ ቀጸላ ከም ንቡር ከይፈተነ ንማሕበርዊ ስርዓት ክሰርዕ ተመክሮ ዝህብ ህይወትን መለክዕን ስለ ዘየሕለፈ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ጽላል፣ ኣብ ዘይምኽኑይ ባይታ ስለ ዝርከብ፣ ሃገር ክመርሕ ዘየኽእል ኣብ ውልቃዊ ስምዒት ጥራይ ኢዩ ተሓጺሩ ዝነብር ዝነበረ። ነብሰ-ምትእምማን ዘጥፈአን ዝንባሌታቱ ቄናን መስመር እንዳ ተኸተለ ከሎ ኢዩ ንሜዳ ህሩግ ኢሉ ዝኣተወ። ናይ ኣቦ ናይ ወላዲ ናይ ስድራ ምእላይ ከይተሞኮረ ኣብ ሓላፍነት ናይ መላእ ህዝቢ ክድይብ ፍጹም ኣይተገባአን። ተመክሮ ማሕበራዊ ህይወት ዘይመሃረሉ ኣብ ሃጓፍ ከባቢ ስለ ዝዓበየ፣ ነቲ ኣዝዩ ሓላፍነታዊ ዝኾነ መንበር ክድይቦ ዓገብ ኢዩ። ከም ሓልዮት፣ ርህራሄ፣ ስምዒት፣ ዔብ፣ ምምዝዛን፣ ምምጣን፣ ምንሓፍ፣ ናይ ዕድመ ከባቢ ዝፈቕዶ መድረኽ፣ መለክዒ ትምህርትን፣ ክስዕብ ዘለዎ ሳዕቤናት ምግምጋም ኮታ ሓደ ኣቦ ዝሕልፎ ህይወት ዝበሃል መስርሕ ከይተንከፈ ናብቲ ቀንዲ ህዝባዊ ትካል ኣምሪሑ። በቲ ኣወንታዊ መለክዒ ዘይሓለፈ ሃገርን ህዝብን ዝገልጽ መወከሲታትን ማሕበራዊ ፍልጠትን ንዕኡ ጓና ኢዩ። እንካ፣ ሃባ፣ ንዓና፣ ናይ ሓባር፣ ዘይፈልጥ፤ዝተፈላለየ ዕለታዊ ሽግራት ዘፍትሑ ሜላታት ዘይክተልን ሰብ ኢዩ ነይሩ። ዝጠመዩን ዝዓረቑን ስድራታት ኣማዕድዩን ርእዩን ስለ ዘይፈልጥ፣ ካብ ኩሉ ትሑት መነባብሮ ድማ ርሒቑ ስለ ዝነብር፣ ነተን ብድኽነትን ጸበባታትን ዝዓሰሎ መነባብሮ ዘሓልፋ ዘለዋ ዓድታት፣ ህዝብን ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብቲ ዝነብሩሉ ከባቢ ኣዛናቢልካ፣ ነቲ ቁሩብ ቁራቦ ዝኾነ ንብረቶም ዝራሲ ወሪሩ ቆርባበሽኡ ዘኻዕብት ጨቃካን ከታሪ፣ ሕልናን ፍናን ኒሕ ዘጥፈአ ስሱዕ ኣሻኺ እኽሊሊ ዘለዎ ቄሳር ተባሂሉ ክስየም ምተገበአ።*

*ነቲ ንዘመናትን መዋእልን ብሓባር ተሳንዩን ተደጋጊፉን ዝነብር ህዝቢ፣ መሰረቱ፣ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣኡ ስለ ዘይፈልጥ፣ ናይ ምሕደራ ሜላኡ ባዕላዊ እንበር ካብ ዝተጨበጠ ኣሰርን ያታን ኣይብገስን። ባይቶ ዓዲ ናይ ፍትሕን ማሕበርዊ ፍታሓትን ከመይ ገይሮም ይፈትሑ ንሓንቲ ካልኢት ዘይረኣየ ሰብ ንመላእ ሃገር ክመርሓ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ድማ ህዝብን መሬትን ከም ትካሉ ገይሩ ክወስድ ዘገርም ኣይኮነን። ንስሱዕ ኣራዊት ስጋ ሓሉ ዝብል ጥራይ ኢዩ ጉጉይ ክኸውን ዝኽእል። ንኹለን ስድራታት ከም ኣብ*

ደንብኡ ዘለዋ ከብቲ ይሓርድን ይሓልብን። ንደቆም ንሸውሃቱ መዕገሲ የዋግእን ንቃልዕ የሳ/ጥሕን። እቲ ኣብ ቤቱ መጢኑን ሓልዩን ዝኸይድ ወላዲ ዝፍጽሞ ኣካይዳ ስለ ዘይፈልጥ ናይ ህጻናት ክንክን፣ ናይ ጥዕና መደብን ናይ ኣተዓባብያ ኣገባባትን ብዝመስሎ  መንገዲ ሓይልን ወሲኹ በደል ይፍጽም። ሕግን ስርዓትን ከመይ ዝበለ ታሪኻዊ ኣመጻጽእኡ ስለ ዘይፈልጠን ናይ መፍትሒ ሜላ ካበይ ትምጻእ። ካብ መን እንታይ ትረብሕ፣ ንመንከ እንታይ ትመንዝዖ ከም ሞያ ኢየን ተመሪቐን። እዝን ከምዝን ዝበለ ገበናት ክትጽም ከለኻ ሕጋዊ ዝኾነ ስጉምቲ ንምክልኻል ዘድሊ ናይ ምትላል ዘማዕብላ ትካላት ሰሪቱ። ብፍንውን ቀይደ-ኣልቦ ባይታ ዝቦቖለ ኣሻኺ ወልቀ-ሰብ ካብ ምኽታርን ምውንባድን ሓሊፉ መራሒ ክኸውን ከሎ እቲ ዝምራሕ ዘሎ ህዝቢ ብውራዩ ብዕራይ ኣውዲቑ መዓርን ሰንካል ጠጅኡ፣ እኸሉን ከስኪሱ ንኣራዊት ደንበይ ሓልወለይን ኣማዕርገለይን ከም ዝበለ ገርካ ኢዩ ክትረኽ ዘለዎ። ንሓደ ንኣምእት ዓመታት ሕግታት-ዓደባ ባህልን ልምድን ዝነበሮ ህዝቢ ክትመርሕ ክፍለጥ ዘለዎ ኣገባባትን ሽምግለና የድሊ ኢልካ ምስ ትሓቶ ፣እዚ ዓማጺ ፍጥረት ዝህቦ መልሲ ከምዚ ዝሰዕብ ምኾነ። ማሕበራዊ ኣቃውምኡን ባህሉን ክትድምስስን መንነቱ ከተጥፍእን፣ ቀጻልነት መታን ከይህሉ፣ ንመንእሰያት ያትኦምን ልምዶን ኣጥፊኦም ናትካ መሳርሕታት ትገብር ምበለ። ስልጣን ብሓይልን ብግፍዕን ጥራይ ኢ.ያ ትጸንዕ በሃልይ ኢዩ።  ነዚ ሰብ እዚ ግን ኤርትራ ቀዳመይቲ ሰበይቱ ኢያ። ካልኦት ወሻሽሙ ድማ ኣብ ዙርያ ዘለዋ ሃገራት ኢየን። ኩሎም ዲክታቶራት መጽሓፎም ኣንቢቡ ዝወደአ ሰብ፣ ግን ገለ ካብኣቶም ንኣብነት  ሂትለር፣ ስታሊን ዝኣመሰሉ ብመጠኑ ብተደጋጋሚ ኣፈታትሓ ሜልኡም ታሪኾም መዕበይኡ ኢዩ። ናይ ግፍዓዊ ኣስራርሕኦም ጌታታት ስለ ዝነብሮ፣ ነቲ ጌጋታቶም ኣሊኻ በቃ ዘበለ ስርዓት ትተክል ዝብል ፍልስፍና ይኽተል። ከም መንግስቲ ንክተኽሎ ግን 27 ዓመታት ወሲዱሉ። ትካሉ ምስ ተኸለ ድማ ን18 ዓመታት ሓንቢጡ። እቲ ዝኸፍአ ድማ ንሱ ዝሃነጻ ኤርትራ ጥራይ ኢ.ያ ትረኣዮ። ኤርትራ ሰበይቱ ኢ.ያ። ጥንቕቕ ብዝበለ ኣገላልጻ በዓልቲ ቃል ኪዳኑ ዘስምዕ ትርጉም ክወሃብ የብሉን። ህዝብን ሰውራን ናይ ሕማሙ መላብዒ ኣዳራሹን ትካሉን ገይሩ። ንኤርትራ ናጻ ከውጽኡ ዝዓጠቑ ተጋደልቲ ነዲኦም  ክምርዓዋ ከሎ ሕልፎት ወፊሮም። ሰንኪሎን ተሰዊኦምን ድራሮም ጠያይትን ብባሩድ ኮይኑ። ሓሶት እንተተባህለ ማይ ሓብር ትመስክር።  ማሕበራዊ ህይወት ንምዝራግ ከመይ ዝበለ ሜላ ተጠቕቂሙ ኣብ ሳልሳይ ቅጽል የራኽበና።

ተስፉ ዘውደ።